*Embassy of the State of Eritrea - United Kingdom*

# **ዕውት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ኣብ ማንሸስተር**

**ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ኣብ ማንሸስተር ኣብ** 5 **የካቲት** 2011 **ተኻይዱ። ኣብቲ ልዕሊ** 120 **ኤርትራዊያን ዝተሳተፉዎ ኣኼባ፡ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ዓመተ "**2010 **ከም ነጥበ መቐይሮን ሃገራዊ ዓቕሚ ኤርትራ ዘጉልሐት ዓመትን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ሰሚናር ኣካይዱ።**

**ኣብቲ ዝተኻየደ ሰሚናር ኣብ** 2010 **ብቕዓት መንግስቲ ኤርትራ ዘመስከረ ዕውት ዲፕሎማሲያዊ መኸተ፡ መሰረት ውሕስነት መግቢ ዘረጋገጸ ምህናጽ ሃገራዊ ዓቕሚ፡ ሰብኣዊ ዓቕሚ ሃገር ንምዕባይ ዝተገብረ ወፍሪ፡ ኣብ ስትራተጂያዊ እቶታዊነት ቅርጺ ቁጠባ ንምልዋጥ ዝፍጠር ዘሎ ሃገራዊ ዓቕምን ብሰፊሑ ተተንቲኑ። ቁጠባ ኤርትራ ሓያል ብድሆታትን ተጻብኦታት ዝተፈላለየ ኩርናዓትን'ኳ እንተገጠሞ፡ ናብ ዕብየት ገጹ ምእንፋቱን ዘይተጻዓድነቱ (resilience) ምርግጋጹን ኣብቲ ዝተኻየደ ክትዕ በሪሁ።**

**ኣብቲ ኣኼባ ንመጻኢ መደባት ህዝባዊ መኸተ ኣብ ብሪጣንያ ዝምልከት መቓን'ውን ተገሊጹ። በዚ መሰረት ከኣ መበል** 20 **ዓመት ናጽነት ኤርትራ ኣብቲ ካብ መጋቢት ክሳብ መስከረም ዝካየድ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታትን በዓላትን ንምንጽብራቕን ህዝብና ኣብ ምኽታት ንኪውዕልን ሕላገት ኤርትራ ኣብ** 2011 **ምጉላሕ** ("**Brand Eritrea in 2011**") **ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ምቕርራብ ንኪግበረሉ መብርሂ ተዋሂቡ። ተሳተፍቲ ኣኼባ ብወገኖም ግቡእ ሓላፍነት ከምዝስከሙ ኣብ ልዕሊ ምርግጋጽ፡ ኣብ ልምዓታዊ ምዕባሌታት ኤርትራ ተሳትፍኦም ከዕብዩ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።**

**ድሕሪ እቲ ሰሚናር ኣምባሳደር ምስ ልዕሊ** 60 **ዝኾኑ መንእሰያት ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ ኣብ ማንሸስተርን ከባቢኡን መንእሰያት ንምጥራንፍ ተጀሚሩ ዘሎ ተበግሶ ዝምልከት ምይይጥ ኣካይዱ። እቶም መንእሰያት ነዚ ንምሕያል ኣብ ሓጺር ግዜ ስጉምቲ ኪወስዱ ድማ ደምዲሞም። ብዘይካዚ ምስ ኣባላት ጉጅለ ህግደፍ ማንሸስተር፡ ኣካያዲት ኣካል ሃማደኤ ማንሸስተርን ኣካያዲት ኣካል ኤርትራዊ ማሕበረ ኮም ማንሸስተርን ርክባት ተኻይዱ። ኣብቲ ርክባት ንኩነታት ንኤርትራዊያን ዝምልከት ጉዳያት፡ ውሽጣዊ ምድልዳል ኩሉ ኤርትራዊ ውዳበታት ንምርግጋጽ ዝውሰድ ስጉምትታትን ኩሉ ኣካላት ተወሃሂዱ ዝሰርሓሉ ባይታ ንምድልዳልን ኣገዳስነት ምሕያል ሽማግለ መኸተ ብደረጃ ማንሸስተር ኪድፈኣሉ ተደምዲሙ።**

**ዓወት ንሓፋሽ!**
**ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ፡ ላንደን**
9 **የካቲት** 2011

*96 White Lion Street, London N1 9PF* *Tel: +20 7713 0096* *Fax: +20 7713 0161*
*e-mail: paamba@eriembauk.com*